# ዶ/ር ዮውሃንስ ኮልመዲን፡ኣብ መዳይ ቋንቋን ታሪኽን

**ቀዳማይ ክፋል**

ክቡራትን ክቡራንን ኣንበብቲ ከመይ ትኾኑ ኣሎኹም፧ ሰላም ክትብሉኒ ተስፋ እናገበርኹ፡ናብ ጉዳየይ ከብለኩም እፈቱ።

ብዛዕባ ዶ/ር ዮውሃንስ ኮልመዲን ሰሚዕኩም ወይ ኣንቢብኩም ትፈልጡ ኢኹም እብል።እቲ ምንታይ-ሲ፡ኣብ መዳይ ታሪኽን ቋንቋን ምድረ-ሓበሻ፡ ዝገብሮ ደርማስ ኣስተዋፅኦ ኰቶ ዘይርሳዕን ዘይሃሥስን ብምኳኑ እዩ።

ትማሊ፡ኣጋጣሚ ኰይኑ ምስ ክቡር ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ ኣብ መዳይ ታሪኽን ቋንቋን ኣድሂብና ነ45 ዝኸውን ደቃይቕ ብዘዋጋዕና፣ኣቐድም ኣቢሉ ኣቶ ቴድሮስ ምሕረቱ (ጋዜጠኛን ጸሓፍን) መጽሓፍ ሒዙለይ መጺኡ ከም-ዘሎ ብዝሓበረኒ-ግድን ናብ`ኡ ገጸይ ክኸይድ ነበረኒ።ግድን ድማ ናብ ሒዝዎ ዘሎ ሆቴል ብምኻድ እታ መጽሓፍ ካብ ኢድ ኣቶ ቴድሮስ ምሕረቱ ተቐበልክዎ።

ምስ ኣቶ ቴድሮስ ኣብ ጉዳይ መጽሓፉን ተዛምዲ ነገራት፡ኣልዒልና ዝተወሰነ ወግዕታት ኣብ መጋርያ ዕላል ኣዋጊዕና ድማ ተፈላለና።ካብ`ቲ ወግዕታትና ኽኣ ኣብ መርዓ ወ/ሮ ኣስቴርን ኣቶ ገብረመድህንን፡ዮሃንስ ኮልመዲን ሕያብ ሒዙ ከም ዝኸደ ብምስምዐይ ነታ መጽሓፍ ቀመም ክኾና ከም ዝክእል ኣፍኣምክሉ። ንሱ`ውን ነቲ ሓስብ ከም ዝርዕሞ ብምግላጽ፡ኣብ ስነ ስርዓት ምረቓ መጽሓፉ፣ዝተረኽበ ሓበሬታ ምኳኑ ኣውሰኣለይ።

ኣጋ ምሸት ድማ ምስ ክቡር ኣያና ፕሮፌሰር ቀሺ እዝራ ገብረመድሕን ንፍርቒ ሰዓት ዝኸውን ኣብ መዳይ ፍትሓዊ ኣጸሓሕፋ ታሪኽን ተዛማዲ ነገራትን፡ከነውግዕ ጊዜ ብምርካብና ግድን ስም ዶ/ር ዮሃንስ ኮመዲን ከነልዕን ኣጋጣሚ በሪ ከፈትና።

እወ፣ኣብ መርዓ ወላዲኣም ኣቶ ገብረመድህንን ወ/ሮ ኣስቴስ ወልደማርያም ህያብ ሒዙ፣ካብ ርሑቕ ማዕዶ ዝመጸ ጋሻ ተነበረ-ዶ/ር ዮሃንስ ኮልመዲን ምንባሩ- ካብ ዕላል ኣቶ ቴድሮስ ሰሚዐ ብምንባረይ ሰሃሮ ብምግባረይ፣ኣብ መንጎ “ንዘረባ ዘረባ የምፅእ፣ንሓምድ ዱግሪ የውጽእ” ከም ዝበሃል ምኽንያት ኰይኑና ኣውሳእናዮ።ወጃዕ ድማ በልናሉ!

ኣብ’ዙይ ልዕሊ ዕስራ ዓመት ኣቢሉ ግደን ኣበርክቶን ደቂ ኣንስትዮ ምድረ-ሓበሻ ከም ግቡእ ኣይተልዓለን፤ ኣይተጽሓፈን እናበልና ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ነውግዕ ኢና።ኣብ’ዙይ 5 ዓመታት ኽኣ ዝተወሰኑ መንቲ ፅሑፋት፡ ኣብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ኣድሂበ ክሓናጥጥ ብውልቐይ ፈቲነ’የ ።ካብ`ተን ስመን ኣብ ታሪኽ ክለዓላ ዝግብኣን ብዙሓት ሓላላት ኣዴታት ድማ መምህር ኣስቴር ወልደማርያም፡ ሓንቲ እየን ቢለ ብጽኑዕ እኣምን`የ።

ምኽኒያተይ ብዙሕ እኺ ተኰነ ብውሕዱ እኺ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ሳላአንን ሳላ ዘይጸዓድን ወነን ህያው ከኾኑ ግደአን ገዚፍ እምባ ከም እምባ ሰሎዳ እዩ እብል።እዙይ ካልእ ጊዜ ኣብ ቦትኡ ከልዕሎን ኣስፊሐ ክጽሕፎ ክፍትን እየ።

እንተኰነ ኣብ ወግዕና ምስ ፕሮፌሰር እዝራ ገብረመድሕን ብዛዕና ወላዲት ኣዲኣም መምህር ኣስቴር ወልደማርያም ካብ ዝተፈላለዩ ሰባት ንዝሓለፈ ልዕሊ 20 ዓመታት ዝሰማዕክዎ ንገሊኡ ኣልሊለ ምስ ነገርክዎም-ዝኰነ ነዝራዊ ስምዒት ከም ዝተሰምዖም ካብ ኲነታቶም ኣብ መኣዲ ወግዕታትና ክርዳእ ክኢለ’የ።

ናብ ጉዳየይ ምስ ዝምለስ ድማ ፕሮፌሰር እዝራ እተን ዶ/ር ዮሃንስ ኮልመዲን ኣብ መርዓ ወለዶም ሒዙወን ዝመጸ ህያብ ኣቕሑ ገዛ፡ “...ክሳዕ ሕጂ ኣብ ካሊፎርንያ-ኣመሪካ፤ ኣብ ቤት እንዳ ወ/ሮ ነኣሚ ገብረመድህን ኣሎዋ እየን።~”-ቢሎም ምስ ነገሩኒ፤እዞም ገዛ ኹሉ ነፍሶም ታሪኽ እዮም ቢለ ክሓስብ ድማ ተቐሲበ’የ።

እሞ ደኣ “ካብ ጉይይ ምዓል ክሳድ መሓዝ!”-ክም ዝብልዎ ኣበው፤ክሳድ ክሕዝ እየ እሞ ኣታሕዙኒ ኢኻትኩም ክብል እረድይ።

ዶ/ር ዮሃንስ ኮመዲን ኣብ ባህልን ታሪኽን ኰነ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዓቢይ እጃም ዝገበረ ተመራማሪ ወከፍ`ዩ።ኣብ መጽሓፍ ኣቶ ቴድሮስ ምሕረቱ፡ዶ/ር ዮሃንስ ኮልመዲን 27 ቋንቋታት ከም ዝክእል ዝነበረ ተጻሒፉ ኣሎ።

ቅድሚ 23 ዓመት ሓደ ኮለነል ኣመሪካዊ መጽሓፍቲ ከም ህያብ መልክዕ ክህበኒ እንከሎ ምስ ዘንበብክዎን፡ ኣብቲይ ጊዜ እቲይ ኣብ ዕላላት ዝሰማዕክዎን ድማ ተመሳሲሉኒ እሞ ግርም ኢሉ። ካብ`ኡ ሓሊፉ ድማ ኣስደሚሙኒ`ዩ።እቲ ምንታይ፡ሓደ ዉልቀሰብ ዝኣክል 27 ቋንቋታት ክክእል ሕልሚ ይመስል ይኸውን`ዩ ግን ክውን ዝኰነ ተመኽሮ ህይወት እዙይ ጻዕራም ሰብ-ደርማስ ሕላገቱ`ዩ።እሞ ክቡራት ኣንበብቲ- ንእግረ መንገደይ እዛ መጽሓፍ ገዚእኩም ክተብዋ ብኣክብሮት እላበወኩም ኣሎኹ።

ከም ኣነ ትማሊ፡ኣቶ ቴድሮስ፡ነዛ መጽሓፍ ብዝሃበኒ ደስ ኢላትኒ ለይቲ ምድሪ ከይተረፈ ተንሲኣ ኣንቢበያ እየ። ኣናብባይ ብዳህሳሳዊ ዓይነት ኣናብባ ተመሲጠ ጣምጣም ቢለያ`የ።

ኣብ`ታ መጽሓፍ ብዛዕባ ምድሪ ሓማሴን ብኣውርኡ ኣብ ገሊኡ ድማ ንትግራይ ዝጠቅስን ዘካተት እያ።ኣብ`ቲ እዋን ኣሉላ ኣባ ነጋ ኣብ ምድረ ሓማሴን ብምንባሮም ድማ ኣብ ገሊኡ ይጥቀሱ እዮም።

ክሳዕ ሕጂ ሕቶ ኰይናትኒ ዘላ ነጥቢ ግን ኣብ ትግራይ ኣብ 1910 ዓ/ም/ፈ ዶ/ር ዮሃንስ ኮልመዲን ናብ ትግራይ ዝነበሮ መደብ ጉዕዞ መጽናዕቲ፤ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ዕግርግር ክመጽእ ኣይከኣለን ዝብል ምስ ኣንበብኩ’የ። እዙይ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ዓመት ምህረት ክቡር ደጃዝማች ገብረሕይወት ወድ ሓዞ ዝተወልድሉ ዓመት ይመስለኒ። እሞ እንታይ’ዶ ነይሩ`ዩ ብዝብል ጡብላሕታ፡ብዙሕ ክሓስብ ጀመርኩ!!

ካልእ ድማ እቶም ሓያል ጸሓፍን ጋዜጠኛን ዝነበሩ ኣቶ ገብረሚካኤል ግርሙ (ዘበራቂት-ኣከለጉዛይ)-ኣብ`ዙይ እዋን እዚ ኣብ ዓድዋን ኣክሱምን ምንባሮም ቅድሚ ርብዒ ዘመን ኣቢሉ ዘንበብኽዎም፡ሓደ-ሓደ ጽሑፋት ቕጅል በለኒ። ግራዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ኣብ ዓድዋ ምስ ደጃዝማች ገብረሥላሴ ባርያጋብርን ተራኺቦም ክምለሱ ከለዉ፤ኣብ ሓንቲ ጽላል ዳዕሮ ኮፍ ኢሎም ዝጸሓፍዋ ጽሕፍቲ እንክዝክር።ኣብቲይ እዋን እንታይ ኰን ነይሩ ይኸውን ኢለ መሊሸ ናብ ሓሳብ ተሸሚመ ኣሎኹ።እሞ ትፈልጡ ገለ ክትብሉና/ብላና ተስፋ እገብር።




እዙይ መጽሓፍየይ ንተመራመርቲ ገለ ብልጭታ ተፈጠሮሎምን ነቶም ሰብ ሞያ ታሪኽ ድማ ገለ ተሓገዙና ካብ ዝብል ምኳኑ ከስምረሉ እፈቱ።

እሞ ደኣ እዙይ ብጨለፍታ ምስ ኣልዓልኩ፤ናብ ፍረ-ነገርይ ክምለስ እየ።ብዕለት 1 ለካቲት 2022 ዓ/ም/ፈ፡ ጋዜጠኛ ቴድሮስ ምሕረቱ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸብኡ-ሓንቲ ሕቶ ናብ ተኸታተልቱ ኣቢሉ ነበረ።እታ ሕቶ ነዛ ትስዕብ ትመስል ነበረት።

~“ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት

መግዛእቲ ኢጣልያ ብመግዛእቲ እንግሊዝ ምስ ተተክአ፡ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ከስፉሕፍሕ ጀመረ።ነዚ ንምስላጥ ተባሂሉ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ይካየድ ነይሩ።ንኣብነት፡ ኣብ መንግ ተዛረብቲ ትግርኛ ትምህርቲ ብቛንቋ ትግርኛ ክወሃብ ስለ ዝጀመረ፡'ቲ ቛንቋ ምእንቲ ስሩዕን ዉሁድን ክኸውን ዓበይቲ ዓድን ፈላጣትን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ ትግርኛ ተኻይዱ ነይሩ።

እዚ ዋዕላ'ዚ በየናይ ዓመት ምህረት እዩ ተኻይዱ? ቅኑዕ መልሲ ኣቐዲሙ ዝመለሰ ሰብ፡ ብኢድ ደራሲ ዝተፈረመት መጽሓፈይ ብናጻ ክትስደደሉ እያ።”

እቶም ተኸታተልቱ ድማ ነዙይ ዝስዕብ መልሲ ክህብዎ ፈተነታት ገበሩ።መልሲ፡ካብ ዝሃቡ ንገለ ምስ እንርእይ ድማ-ነዚኦም ኣብ ታሕቲ ዘሎዉ ይመስሉ፣ብኸፊሉ`ዩ።”

- **MJ Jøšî**

  ካብ 1948 ክሳብ 1950 ዘሎ ግዜ ይመስለኒ

  **Haile Bokure**

  ብ27 ሕዳር 1937 ወይ ድማ 6th December 1944 by Professor Edward Ullendorf.

  **Hade Bota Yelen**

  **Haile Bokure** ክምልስ ሃቂነ ናትካ ምስ ረኣኹ ሓንገድኩ።

  **Abraham Ber-Ber**

  እታ ቀዳመይቲ ዋዕላ ቋንቋ ትግርኛ፡ኣብ ወርሒ ሰነ 1944 እያ ተሳሊጣ።ኣብ ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ዜና /ወይ ድማ ሓበሬታ ኢንግሊዝ ድማ ተኻየደ።ካብ ተሳተፍቱ ድማ እኒ ዶ/ር ኣባ ያዕቆብ ገ/ኢየሱስ፣ቀሺ ዑቕባግዚእ ሚካኤል፣ዶ/ር ኤድዋርድ ኡልርንደርፍ፣መምህር ይስሓቅ ተወልደመድህን፣ኣቶ ተድላ ባይሩ፣ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ካብ'ቶም ፍሉጣትን ዉርያትን ሰባት ዝተሳተፍዎ ነዚኦም ይመስሉ።

  **Teklia Michael**

  1946

  **Rezene Angosom**

  1949

  **ይዛሪ ይከኣሎ**


  ኣብ 1948

  **Robel Yosief**

  June 1944

  **Adhanom Goytom Ghebru**

  1943 Asmara



**Henok Araya**

1944

**Henok Araya**

In 1944, Mr Isaac Teweldemedhin was one of the team who set up a symposium with the purpose of discussing the standardization of the writing and pronunciation of Tigrigna letters and words.”

ብመሰረት ወሃብቲ መልሲ ድማ እዚኦም ዝስዕቡ ሰባት ዕውት ፈተነ ገበሩ።

“ውጺኢት ሓፈሻዊ ውድድር
ቀዳማይ ዋዕላ ቋንቋ ትግርኛ መዓስ ዓመተ ምህረት ተኻይዱ ዝብል ሕቶ ቀሪቡ ነይሩ። ኣቐዲሙ ቅኑዕ መልሲ ዝመለሰ ድማ ዝተፈረመት መጽሓፈይ ከም ዝዕወት እዩ።ብዙሓት መልሶም ሂቦም ኣለዉ።እቲ ቅኑዕ መልሲ 1944 ክኸውን ከሎ እቶም ቅኑዕ መልሲ ዝመለሱ ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. Abraham Ber-Ber
2. Robel Yosief
3. Henok Araya

ካብ`ዞም ሰለስተ ኣቐዲሙ ዝመለሰ Abraham Ber-Ber ስለዝኾነ፡ተዓዋቲ ኾይኑ ኣሎ።እንቋዕ ሓጎሰካ ኣብረሃም። ”~

እሞ ደኣ፣ብመሰረት ሕቶን መልስን፣ኣጋጣሚ ኰይኑ ጸሓፊ እዛ ዓንቀጽ ስለ ዝተዓወተ፣ትማሊ ነዛ መጽሓፍ ክትብርከተሉ ክኢላ ዘላ።


ጸሓፊ እዙይ ፅሑፍ ነዛ ሓጸርን ጥዕምትን መጽሓፍ-ብዳህሳሳዊ ሣውያ ኣናብባ፡ኣብ ሓደ ምሸት ኾነ ለይቲ ብምትሳእን ኣንቢቡ ጨረሳ።ርእይትኡ ድማ ንደራሲ ብኣውታር ስልኺ ንግሆ ምድሪ ብዝኮነ ጉዳይ ኣብ ዝተዳወልሉ እዋን ጸወዮ።ኣብ ዝቕጽል ብዕምቆት ነቢቡ-ወሳኒ ርእይቶን ነቐፌታን ከህብ ምኻኑ ድማ ብምሕባር ወግዕታት ከልቲኦም ተዛዘሙ።

ከቡራት ኣንበብቲ፡መታን እዚ ፅሑፍ`ዚ ከይነውሓኩም ቢለ፡ኣብ ክልተ ክፋል ከገብሮ ተቐሲበ ኣሎኹ፤እሞ ኣብ መበል ካልኣይ ክፋል ጽሑፈይ ድማ፣ብዛዕባ ዶ/ር ዮሃንስ ኮልመዲንን ካብ ገለ-ገለ ኣበርኽትኡን ብጨለፍታ ከቕርበልኹም`የ።ደጊመ፡ነዛ መጽሓፍ ዓዲከኹም ተነቢብኩምዋ ከም ትርብሑ ተስፋ ብምግባር’የ።



ዶ/ር ዮሃንስ ኮልመዲን እዚኦም ይመስሉ ነበሩ።

እዚኣ ድማ ንሶም ካብ ዝጸሓፍወን መጽሓፍቲ ሓንቲ`ያ።




**ብኣብራሃም ብርሃነ**